# ይደግም ጸሎተይ

ጠራራይ



ኣማኑኤል

# እንተሰመረለይ ትምኒተይ

ኣይተ ኣማኑኤል እያሱ ሬሳኻን ሴሳኻን ዝተባህለ ከምዚ ናትካ ምስረኽበ እዩ ፡

ኣየ ዝበልዐት ነብሲ ከመይ ኣቢላ'ሞ ካብ ሓጥያት ክትፈርህ ? ናይ ብዓል ኣማኑኤል እያሱ ከብዲ ግን ፡ መግቢ ዘይኮነት እተእቱ ፡ ግራጭ እያ እተእቱ እንተበልና ነኪናሉ እምበር ኣይወሰኽናሉን ፡

በቲ ጥረ ሓሶቶም ኣእዛንና እንተደንቀኈረ ፡ እቲ ዝገደደ ግን ፡ መጋበርያ ንመሸጣ መንነት ፡ ንምድፋር ናይ ሓንቲ ልዑላዊት ሃገር ፡ ከምኡውን ንሞያ ስነጽሑፍን ጋዘጠኛን መላገጺ ምግባሮም ክኸስስሉ ዝግብኦም ጉዳይ ምዃኑ ምዝንግያም ፡ ከመዮ ምስላ ዝብሎ ( ከልብስ'ያ ኣብ ወተጉ ዘሎ ሓኸሊ ዘይርኣየ ፡ ኣብ ትሕቲኡ ተቐሪቡ ዘሎ ስጋ የቋምት ) እዩ ነገሩ ፡ ኣየ'ወ ምስላ ኣቦሃት ኣብ ባይታ ኣይወድቕን ይብሉ ለባማት ፡

እቲ ዝተፈንፈነ ስርዓት ኣብ ዓለምና ዘሎ ስርዓት ወያነ ፡ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን ፡ እተን ኣለዋ ዝበሃላ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ኢና ብሃልቲ ፡ ምስናይ ጀባሕሉል ገጻተን ናይ ወያኒ እቲ ፍንፉን ምስሊ ካብ ምቅላሕ ኣይተቖጠባን ፡ ገለ ካብኡ ፡ እቲ ብዘመነ ጊላነት ዝፍለጥ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ዝተቐብረ ፡ `` ኣብዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ግን ፡

- ብዕሊ ደቂሰባት ዝሸየጡላ
- መሬት ደቀባት ፡ ንሓደዘመን ዝኣክል ንኣህጉር ዓለምና ዝሸየጠላ ፡
- ባህርያዊ መያታ ብርስሓት ፋብሪካታት ዝሑምረጐላ ፡
- ዓሰርተታት ሼላታት ጓንታናሞ ዝተደኰነላ ፡
- መንቀልን መኽባዕትን ፡ ሃገራት ዝፍንጥሓላ ፡
- መቓብር ፡ መሰልን ናጽነትን ደቂሰባት ዝኰዓተላ ፡
- 74 ሚልዮን ህዝባ ካብ ዓለምና ዝዕፈኑላ ፡
- ንግስነት ሽፋቱ ዝረጋገጸላ ፡
- ዘይትኣደነ ሓሶት ዝገማድሓላ

ነዚ ቍጽሮ ድያብሎስ ዝኾነ ተግባራት ከም ኣብነት ወሲድኩም ተምሃርሉ ክትብለናስ ፡ ኣቤት ኣብኣ ኣላትካ ኣማኑኤል እያሱ ፡

ምርጫ ወያነ ፡ ምርጫ ከይተገብረ ፡ ንዝተቓወምዎን ዘፍርህዎን ፡ ቀንዲሉን ሓይሩን ፡ ተግባራቱ ንኸይብለል ፡ ንጋዜጠኛታት ዓለምና ኣብ ኢትዮጵያ ከይኣትዉ ኣጊዱ ፡ ንናይካልኦት ፈነወ ዜና ብኢትዮጵያውያን ከይስማዕ ዓፊኑ ፡ ብተግባሩ ወላእቶም ጠውርቱ ( ኣሜሪካን መዳምቕታን ) እናኣማረሩ ፡ ነዚ ሓቂ ቀይርካስ ፡ ወያነ ቅኑዕ እዩ ኢልካ ከተእምነና ምፍታንካ ፡ ዕሽነት'ዶ ክንብሎ ንዕቀት ?

ኣነ ይገድድ ምሳኻ ዘኸኈድድ ! ለካ ተደመሮ እቶም 300 ኣውደ.ኣመት ናየዚ ዓመት'ዚ ዝኾኑ ሕርዶት ደባሉ ምዃንካ ዘንጊዐ ጸኒሐ ፡

ስለዝኾነ ክኣ እዩ ትያትሮ ወያነ ናይሎሚ ዓመት ንብዓል ንስኻን መሰልትኻን መንነቶም ዝኸሓዱ ሳይበርስ ኣለልዩ ፡ ብመቐር እናቦጥቆለ ፡ ካብ ዝተዋህቦ ትኳቦ $ 3000,00 + bonus for Addis trip ኣብዚ ዓመት ዝኸፈለ ፡ እቶም ኣብዚ ናይ ጥልመት ንግደት ዝኸድኩም ፡ ኩሉኹም እንተላይ መሳሪንኩም ኣብ ትዕዝብቲ ሓፋሽ ኣቲኹም ምህላውኩም በዚ ኣጋጣሚ ነዘኻኽረኩም ፡

ዓወት ንሓፋሽ !
ብርዒ ሓቂ ፡